
AEC Australian Electoral Commission

# ኣብ ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ ብኸመይ ድምጺ ይውሃብ

## ንምንባብ ቀሊል ዝኾነ መምርሒ

Easy Read




# ነዚ መምርሒ ብኸመይ ትጥቀምሉ




ነዚ መምርሒ ዝጸሓፎ ኮሚሽን ምርጫ ኣውስትራሊያ (AEC) እዩ። ‘ንሕና’ ዝብል ቃል እንተሪኢኹም፡ ኮሚሽን ምርጫ ኣውስትራሊያ (AEC) ማለት እዩ።

ብቐሊል መገዲ ክንበብ ብዝኽእል ኣገባብ ነዚ መምርሒ ጽሒፍናዮ ኣለና።

ንገለ ሓሳባት ንምግላጽ ስእሊታት ተጠቒምና ኣለና።




ንገለ ቃላት **ብደሚቕ** ጽሒፍናዮ ኣለና። ናይዞም ቃላት ትርጉም ገሊጽናዮ ኣለና። ናይዚኣቶም ዝርዝር ቃላት ኣብ ገጽ 29 ኣሎ።



ነዚ መምርሒ ንምንባብ ሓገዝ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ዓርኪ፡ ኣባል ስድራ ወይ ሓጋዚ ሰብ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።

# እዚ መምርሒ እንታይ’ዩ?


ኣብ ግዜ መረጻ ድምጺ ምሃብ 4

ንምድማጽ ምምዝጋብ 6

መዓስ ኢኹም ከተድምጹ ትደልዩ? 7

ኣብ መዓልቲ ምድማጽ ድምጽኹም እንተዘይሂብኩምኸ? 8

ንከትድምጹ ኢልኩም ናበይ ትኸዱ? 10

ኣብ መዓልቲ መረጻ እንታይ እዩ ዝኸውን? 12

እቲ በዓል መዚ መረጻ እንታይ እዩ ዝገብር? 15

ነቲ ምርጫ ወረቓቕቲ እንታይ ኢኹም ክትገብርዎ? 17

ነቲ ቀጠልያ ምርጫ ወረቐት ብኸመይ ትመልእዎ? 18

ነቲ ጻዕዳ ምርጫ ወረቐትኩምኸ ብኸመይ ኢኹም ትመልእዎ? 20

ነቲ ናይ ምርጫ ወረቓቕት ንምምላእ ሓገዝ እንተደለኹምኸ? 24

ጌጋ እንተፈጺምኩምኸ? 25

ነቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ኣበይ ተእትውዎ? 26

ቅድሚ ዕለት መረጻ ኣገባብ ኣደማምጻ ምልምማድ ትኽእሉዶ? 27

ተወሳኺ ሓበሬታ ብኸመይ ክትረኽቡ ትኽእሉ? 28

ዝርዝር ናይ ቃል 29

ርኸቡና 33

# ኣብ ግዜ መረጻ ድምጺ ምሃብ




ኣብ ኣውስትራሊያ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 3 ዓመት ናይ **ፈደራል መረጻ** ይግበር።



እቲ ናይ ፈደራል መረጻ ንመላእ ሃገር ዝምልከት እዩ።



በዚ ኸምዚ ኢና ናይ ኣውስትራሊያ መንግስቲ ንመርጽ።




እቲ ጋቨርነር ጀነራል ግዜ መረጻ መዓስ ከምዝኸውን ይመርጽ። መዓልቲ መረጻ ኣብ መዓልቲ ቀዳም እዩ ዝግበር።



ኣብቲ መዓልቲ ህዝቢ ኣውስትራሊያ **ድምጺ ይህቡ**።

ድምጺ ኣብ ትህብሉ እዋን፡ ኣካል ናይ መንግስቲ ኣውስትራሊያ ክኸውን ዘለዎ ሰብ ትመርጹ ኣለኹም ማለትዩ።




ድምጺ ክህቡ ዝግብኦም እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ኣዉስትራሊያዊ **ዜጋታት** ከምኡ'ውን
- ዕድሚኦም 18ን ልዕሊኡን ዝኾኑ።



ሓደ ዜጋ ዝበሃል ኣብታ ዝነብረላ ሃገር ናይታ ሃገር መሰለን ነጻነትን ዝተዋህቦ ሰብ እዩ።




ምድማጽ፡ ንሃገርና መን ክመርሓ ከምዘለዎ ድምጽኻ ክትህብ ዘኽእለካ እዩ።

# ንምድማጽ ምምዝጋብ




ቅድሚ ምድማጽ፡ **ክትምዝገቡ** ናይ ግድን እዩ።




ክትምዝገቡ ከለኹም፡ ስምኩም ኣብ ዝርዝር ናይቶም ከድምጹ ዝኽእሉ **ኣድመጽቲ** ይምዝገብ።




እዚ ዝርዝር ኣስማት መዝገብ መረጻ ወይ **ኤለክቶራል ሮል** ተባሂሉ ይጽዋዕ።




ኣብ መዝገብ መረጻ ንምእታው ነቲ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ክትመልእዎ ኣለኩም።




ኣብቲ ናትና መምርሒ *ብኸመይ ትምዝገብ- ንኽትመርጽ ብኸመይ ትምዝገብ* ዝብል ምንባብ ይከኣል እዩ።

# መዓስ ኢኹም ከተድምጹ ትደልዩ?



እቲ ጋቨርነር ጀነራል ግዜ መረጻ መዓስ ከምዝኸውን ይመርጽ።



እቲ ናይ መረጻ ዕለት ንመዓስ ከምዝኾነ ንህዝቢ ክንሕብር ኢና።




እቲ ናይ መዓልቲ መረጻ መዓስ ምዃኑ ምፍላጥ ይከኣል እዩ፡ በዚ ዝስዕብ መገዲ

- ኣብ **www.aec.gov.au** ኣቲኻ ምርኣይ
- ንኣባላት ስድራ፡ ኣዕሩኽ ወይ ንጎረቤት ብምሕታት
- ዜና ኣብ ተለቪዥን ብምክትታል
- ኣብ ኦንላይን ብምፍታሽ
- ብ **13 23 26** ደዉሉልና።




ኣብ መዓልቲ መረጻ፡ ምድማጽ ንጉሆ ሰዓት 8 ቅድሚ ቐትሪ ይጅምር።




ኣብ መዓልቲ መረጻ፡ ድምጺ መውሃቢ ሰዓት 6 ድሕሪ ቐትሪ ይዕጾ።




ቅድሚ ድምጺ ምሃቢ ቦታ ምዕጻው ድምጺ ክትህብ ኣለካ

# ኣብ መዓልቲ ምድማጽ ድምጽኹም እንተዘይሂብኩምከ?




ሓደ ሓደ እዋን ሰባት ኣብ መዓልቲ መረጻ ከድምጹ ኣይክእሉን እዮም።



ናይዚ ምኽንያት ምናልባት ብዕረፍቲ ጌሾም ከኾኑ ይኽእሉ።



ወይውን ኣብቲ ዕለት ኣብ ሆስፒታል ክህልዉ ይኽእሉ።



ኣብ መዓልቲ መረጻ ድምጽኹም እንተዘይሂብኩም፡ ቅድሚ መዓልቲ መረጻ ድምጽኹም ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም።





ቅድሚ መረጻ ኣብ ዉሱናት ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ ቦታታት ድምጽኹም ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም።




እንተደዊልኩምልና፡ ኣብጥቓኹም ዘሎ መድመጺ ነቑጣ ክንሕብረኩም ኢና።

**13 23 26**




ብፖስታ ድምጽኹም ክትሰዱልና'ውን ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ **ፖስታል ቮት** (ብፖስታ ምድማጽ) ይበሃል።




ብፖስታ ብኸመይ ከምተድምጹ ከምትኽእሉ ኣብቲ *ብኸመይ ብፖስታ ተድምጽ (How to vote by mail)* ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።


# ንከትድምጹ ኢልኩም ናበይ ትኸዱ?




ኣብ መዓልቲ መረጻ፡ ድምጽኹም ንምሃብ ናብ **ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ (ፖሊንግ ፕሌስ)** ክትከዱ ትኽእሉ።




ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ (ፖሊንግ ፕሌስ) ከም ቤት ትምህርቲ ወይ ማእከል ማሕበረሰብ ዝበሉ ህንጻታት ኮይኖም፡ ኣብ ግዜ መረጻ ሰባት ከይዶም ዘድምጽሉ ቦታ እዮ።




ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ (ፖሊንግ ፕሌስ) ኣብ ጥቓ ገዛኹም ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።




እቲ ናይ መረጻ መዓልቲ ምስተመርጸ፡ ዝርዝር ምርጫ ዝግበረሉ ቦታታት (ፖሊንግ ፕሌስ) ኣብ መርበብ ሓበሬታና ክነቕምጥ ኢና።

**www.aec.gov.au**



ወይውን ደዉሉልና ነቲ ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ (ፖሊንግ ፕሌስ) ንክትረኽብዎ ክንሕግዘኩም ኢና።

**13 23 26**



ኣብቲ ትነብርዎ ክፍለግዝኣት ወይ ተሪቶሪ ዝርከብ ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ (ፖሊንግ ፕሌስ) ከይድኩም ከተድምጹ ትኽእሉ ኢኹም።



ኣብ እዋን መረጻ ካብቲ ትነብርዎ ክፍለ ግዝኣት ወይ ተሪቶሪ ወጻኢ እንተለኹም ኣብ ማእከል ኢንተርስቴት ድምጽኹም ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# ኣብ መዓልቲ መረጻ እንታይ እዩ ዝኸውን?

## ካብ ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ (ፖሊንግ ፕሌስ) ወጻኢ



ካብ ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ (ፖሊንግ ፕሌስ) ወጻኢ ነዚ ክትዕዘቡ ኢኹም፡

- **ኣድመጽቲ-** እቶም ከድምጹ ዝኽእሉ ሰባት
- ነቶም **ሕጹያት** ዝድግፉ ሰባት።




ሕጹይ ወይ ተወዳዳራይ ዝበሃል ሰብ ኣካል ፓርላማ ክከውን ዝደሊ ሰብ ማለት እዩ።




ኣብ መረጻ ከዕወት ንእትደልይዎ ተወዳዳሪ ሰብ ድምጽኹም ትህቡ።




ነቲ ሕጹይ ዝድግፉ ሰባት ነቲ *ከመይ ከምተድምጽ (How to vote)* ዝሕብር ካርድ ይዕድሉ።




*ከመይ ከምተድምጽ (How to vote)* ካርድታት ንነፍሲ ወከፍ ሕጹይ ብኸመይ ድምጽኹም ትህብዎም ዝሕብሩ እዮም።




እዚ *ከመይ ከምተድምጽ (How to vote)* ካርድ ብኸምዚ ዝስዕብ ይሕግዘኩም፡

- ነቲ ድምጽኹም ክትህብዎ ትደልይዎ ሕጹይ ንኽትመርጹ
- ነቲ ሕጹይ ብቕኑዕ መገዲ ድምጺ ንኽትህቡ።




ዝኾነ *ከመይ ከምተድምጽ (How to vote)* ካርድታት ክትወስዱ ግድን ኣይኮነን።

# ኣብ ውሽጢ ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ (ፖሊንግ ፕሌስ)




ኣብ ውሽጢ መድመጺ ነቑጣ ምስ ኣተኹም **ሰብ መዚ መረጻ (ኢለክሽን ኦፊሻልስ)** ክጸንሕኹም እዮም።



ሰብ መዚ መረጻ ዝበሃሉ ኣብ መዓልቲ መረጻ ኣብቲ ምርጫ ዝግበረሉ ቦታዝሰርሑ ሰባት እዮም።

ናታቶም ስራሕ፡ ንዓኹም ምሕጋዝ እዩ።




ኣብ ውሽጢ ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ ምስ ኣተኹም፡ ተሰሪዕኩም ምጽባይ ከድልየኩም ይኽእል እዩ።




መስርዕ ሪጋ ሰልፊ እንተዘይሃልዩ፡ ብቐጥታ ናብቲ ጣውላ ኬድኩም ነቲ በዓል መዚ መረጻ ከተዛርብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

# እቲ በዓል መዚ መረጻ እንታይ እዩ ዝገብር?




እቲ በዓል መዚ መረጻ 3 ሕቶታት ክሓተኩም እዩ፥።

**1. ምሉእ ስምኩም መን'ዩ?**



ነቲ በዓል መዚ መረጻ ክተነግርዎ ዝግባእ፥

- ቀዳማይ ስምኩም
- ናይ መወዳእታ ስምኩም (ላስት ኔም)።




ንክተድምጹ ኢልኩም ኣብዝተመዝገብኩምሉ ዝሃብኩሙና ስም ኢኹም ክትህብዎም ዘለኩም።

**2. ኣበይ ትነብሩ?**



ናይ ገዛኹም ኣድራሻ ንገርዎም።



ንኸተድምጹ ኢልኩም ኣብዝተመዝገብኩምሉ ዝሃብኩሙና ኣድራሻ ኢኹም ክትህብዎም ዘለኩም።



እቲ በዓል መዚ መረጻ ኣብቲ መዝገብ መረጻ ስምኩም ከምዘሎ ከረጋግጽ እዩ።


ስምኩም ምስረኸብዎ፡ ኣብቲ መዝገብ መረጻ ምልክት ክገብርሉ እዮም።

### 3. ኣብዚ መረጻ ቅድሚ ሕጂ ኣድሚጽኩም ትፈልጡዶ?




ቅድሚ ሕጂ ዘየድመጽኹም እንተኾይንኩም "ድምጺ ኣይሃብኹን" በሉ፡

- ኣብ መዓልቲ መረጻ
- ቅድሚ መዓልቲ መረጻ፡ ከም ብፖስታ ምድማጽ።




እቲ በዓል መዚ መረጻ 2 **ምርጫ ወረቓቕቲ** ክህበኩም እዩ።

- ሓደ ጻዕዳ
- ሓደ ቀጠልያ።



ናይ ምርጫ ወረቓቕቲ፡

- ንመን ድምጽኹም ክትህቡ ከምትደልዩ እትመልእዎ ፎርም ዘመልክት እዩ።
- ኣብቲ ወረቓቕቲ ኣስማት ናይቶም ተወዳደርቲ ሕጹያት ተጻሒፉ ኣሎ።

# ነቲ ምርጫ ወረቓቕቲ እንታይ ኢኹም ክትገብርዎ?



እቲ ናይ ምርጫ ወረቓቕቲ ምስሓዝኩም፡ ናብ ሓደ ካብቶም ናይ መድመጺ ጣውላ ውሰድዎ።



ኣብ መድመጺ ጣውላ ኮይንኩም ነቲ መድመጺ ወረቐት ኣብትመልእሉ እዋን ዝርእየኩም ሰብ የለን።



ትጥቀምሉ መጽሓፊ ርሳስ ክጸንሓኩም እዩ።

ይኸይን እምበር እንተደሊኹም ናይ ገዛእ ርእስኹም ብርዒ ወይ ርሳስ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

# ነቲ ቀጠልያ ምርጫ ወረቐት ብኸመይ ትመልእዎ?




እቲ ቀጠልያ ምርጫ ወረቐት **ንተወከልቲ ቤት ምኽሪ (ሃውስ ኦፍ ረፕረሰንታቲቭስ)** ዝኸውን እዩ።


ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ፡



- ሓደ ካብቶም ክልተ ናይ ኣውስትራሊያ ፓርላማ ኣካላት መንግስቲ ኮይኑ፡ ኣብዚ ባይቶ እዩ እቲ መንግስቲ ዝቐውም።




- እዚ ባይቶ ፡ ህዝቢ ኣውስትራሊያ ዝመረጾም 151 ሰባት ዝርከቡ ገዛ እዩ።




ኣብቲ ቀጠልያ ምርጫ ወረቐትኩም፡

- ዝርዝር ኣስማት ሕጹያት
- ጥርሑ ሳናዱቕ።




እቲ ብቐዳምነት ድምጺ ክትህብዎ ትደልዩ ሕጹይ ምረጹ።

ኣብ ጥቓ ናይቲ ዝመረጽኩሞ ስም ዘሎ ዘይተጻሕፎ ሳንዱቕ 1 ጸሓፉ።




እቲ ብኻልኣይ ድምጺ ክትህብዎ ትመርጽዎ ሕጹይ ሕረዩ።


ኣብ ጥቓ ናይቲ ዝመረጽኩሞ ስም ዘሎ ዘይተጻሕፈ ሳንዱቕ 2 ጸሓፉ።



ክሳብ ኩሎም እቶም ጥራዮም ዘለዉ ሳናዱቕ ዝመልኡ ምምራጽኩም ቀጽሉ።




ገለ ገለ ሕጹያት ኣብ ጥቓ ኣስማቶም ቃላት ወይ ስእሊ ክህሉ ይኽእል እዩ።




ነፍሲ ወከፍ ሳንዱቕ ዝተፈላለዩ ቁጽሪታት ክመልኡ ኣለዎም።




ነፍሲ ወከፍ ሳንዱቕ ምስተመልአ፡ ምርጫ ወረቐትኩም ተወዲኡ ኣሎ ማለት'ዩ።

# ነቲ ጻዕዳ ምርጫ ወረቐትኩምከ ብኸመይ ኢኹም ትመልእዎ?




እቲ ጻዕዳ ናይ ምርጫ ወረቐት፡ ንሕጊ መወሰኒ ቤት ምኽሪ **ሰኔት** እዩ።

ሕጊ መወሰኒ ቤት ምኽሪ ሰኔት፡



- እዚ ሓደ ካብቶም ክልተ ኣካላት ባይቶ ኣውስትራሊያ ኮይኑ፡ እዚ ላዕለዋይ ባይቶ (ኣፐር ሃውስ) ተባሂሉ ዝፍለጥ እዩ።




- ኣብዚ ባይቶ 76 ሰባት ብኣውስትራሊያዊያን ዝተመርጹ ዘለዉዎ ነዞም ዝስዕቡ ዝውክሉ እዮም፡
  - 6 ክፍለ-ግዝኣታት (ስቴትስ)
  - 2 ፍሉያት ምምሕዳራት (ተሪቶሪ)።




ኣብቲ ጻዕዳ ናይ ምርጫ ወረቐትኩም፡ ሓደ ጸሊም መስመር ኣለዎ።



ኣብ ልዕሊ'ቲ ጸሊም መስመር ዝርዝር ጉጅለታት ተጻሒፉ ኣሎ።

ዝበዝሑ እቶም ጉጅለታት፡ **ፖለቲካዊያን ሰልፊታት** እዮም።



ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ሓደ ጉጅለ ሕጹያት ዝሓዘ ኮይኑ፡

- ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ዘለዎም እዮም።
- መንግስቲ ንሃገርና ብኸመይ ከመሓድራ ከምዘለዎም ዝሰማምዑ እዮም።



ኣብ ትሕቲ እቲ ጻሊም መስመር ዝርዝር ሕጹያት ኣለዉ፡

ነቲ ጻዕዳ ናይ ምርጫ ወረቐትኩም ንምምላእ 2 መገዲ ኣለኩም፡




- ኣብ ልዕሊ'ቲ ጻሊም መስመር ኣብዘሎ ሳናዱቕ ቁጽሪታት መሊእኩም ንጉጅለታት ድምጺ ክትህቡ ትኽእሉ

ወይ ከኣ




- ንሕጹያት ድምጽኹም ንምሃብ ኣብ ትሕቲ እቲ ጻሊም መስመር ዘሎ ሳናዱቕ ቁጽሪ ጸሓፉ።

## ኣብ ልዕሊ ጸሊም መስመር ድምጺ ምሃብ




ዝበለጸ ክትመርጽዎ ኢልኩም ትሓስብዎ ጉጅለ ሕረዩ።

ኣብ ጥቓ ናይቲ ዝመረጽኩሞ ስም ዘሎ ዘይተጻሕፎ ሳንዱቕ 1 ጸሓፉ።





ነቲ ቀጺሉ ዘሎ ክትመርጽዎ ትሓስቡ ጉጅለ ሕረዩ።

ኣብ ጥቓ ናይቲ ዝመረጽኩሞ ስም ዘሎ ዘይተጻሕፎ ሳንዱቕ 2 ጸሓፉ።





ክሳብ እቶም 6 ሳናዱቕ ዝመልኡ፡ ነቶም ጉጅለታት ምምራጽ ቀጽሉ።

ኣብ 6 ምስበጻሕኩም ደው ክተብሉ ትኽእሉ ኢኹም ወይውን ክትቕጽሉ ትኽእሉ።




ካብ 6 ንታሕቲ ሳናዱቕ እንተኣልዩ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ሳንዱቕ ቁጽሪ ምልኡ።




ገለ ጉጅለታት ኣብ ጥቓ ስሞም ቃላት ወይ ስእሊታት ክህልዎም ይኽእል እዩ።

# ትሕቲ ጸሊም መስመር ድምጺ ምሃብ




እቲ ብቐዳምነት ድምጺ ክትህብዎ ትደልዩ ሕጹይ ምረጹ።

ኣብ ጥቓ ናይቲ ዝመረጽኩሞ ስም ዘሎ ዘይተጻሕፎ ሳንዱቕ 1 ጸሓፉ።




እቲ ብኻልኣይ ድምጺ ክትህብዎ ትመርጽዎ ሕጹይ ሕረዩ።

ኣብ ጥቓ ናይቲ ዝመረጽኩሞ ስም ዘሎ ዘይተጻሕፎ ሳንዱቕ 2 ጸሓፉ።




ክሳብ እቲ 12 ሳናዱቕ ዝመልእ ሕጹያት ምምራጽን ቁጽሪ ምጽሓፍን ቀጽሉ።

ኣብ 12 ምስበጻሕኩም ደው ክተብሉ ትኽእሉ ኢኹም ወይውን ክትቕጽሉ ትኽእሉ።




ካብ 12 ንታሕቲ ሳናዱቕ እንተኣልዩ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ሳንዱቕ ቁጽሪ ምልኡ።

# ነቲ ናይ ምርጫ ወረቓቕት ንምምላእ ሓገዝ እንተደለኹምከ?




ከተድምጹ ከለኹም ሓገዝ እንተደሊኹም፡ ትኽእሉ ኢኹም፡

- ኣባል ስድራኹም ወይ ዓርኪ ምሳኹም ተማልኡ
- ንበዓል መዚ መረጻ ተወከሱ።

እቲ በዓል መዚ መረጻ፡




- ነቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ኣብ ምምላእ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ።




- ንመን ድምጺ ከምዝህብ ኣይንግረኹምን እዩ።



- ነቲ ዘድመጽኩሞ ብምስጢር ይዕቅቦ።

# ጌጋ እንተፈጺምኩምከ?




ናይ ምርጫ ወረቐት ኣብ ትመልእሉ እዋን እንተተጋጊኹም፡ ነቲ ወረቐት ዝሃበኩም በዓል መዚ ምለሱሉ።




ነቲ በዓል መዚ መረጻ ከምዚ ኢልኩም ንገርዎ፡

- ጌጋ ሰሪሐ ኣለኹ
- ሓድሽ ምርጫ ወረቐት ከምዝደለኹም።



እቲ በዓል መዚ መረጻ፡

- ነቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ከም ጌጋ ተቐቢሉ
- ሓድሽ ናይ ምርጫ ወረቐት ይህበኩም።




ነቲ ሓድሽ ናይ ምርጫ ወረቐት ወሲድኩም ክትመልእዎ ትኽእሉ ኢኹም።

# ነቲ ናይ ምርጫ ወረቐት ኣበይ ተእትውዎ?



ነቲ ናይ መድመጺ ወረቐት ምስመላእኩሞ፡ ኣብ **ምርጫ ሳንዱቕ (ባሎት ቦክስ)** ከተእትውዎ ኣለኩም።




ምርጫ ሳንዱቕ (ባሎት ቦክስ) ኣድመጽቲ ኣብ ናይ ምርጫ ወረቐት ድምጾም ምስ ኣቐመጡ ዘቐምጥሉ ዝተዓሸገ ሳንዱቕ እዩ።

2 ምርጫ ሳናዱቕ ክህሉ እዩ፡

- 1 ንናይ ቀጠልያ ምርጫ ወረቐት
- 1 ንናይ ጻዕዳ ምርጫ ወረቐት።




እቲ ቀጠልያ ምርጫ ወረቐት ናብቲ ቀጠልያ (Green) ዝተጻሕፎ ሳንዱቕ ይኣቱ።




እቲ ጻዕዳ ናይ ምርጫ ወረቐት ድማ ኣብቲ ጻዕዳ (White)ዝተጻሕፎ ሳንዱቕ ይኣቱ።



ሓገዝ እንተደሊኹም ንካብ ሰብ መዚ መረጸ ተወከሱ።



ድምጽኹም ኣብ ናይ ምርጫ ሳንዱቕ ምስ ኣእተኹም መስርሕ ምድማጽ ተወዲኡ ኣሎ።

# ቅድሚ ዕለት መረጻ ኣገባብ ኣደማምጻ ምልምማድ ትኽእሉዶ?




ድምጽ ንምሃብ ክትለማመዱ እንተደሊኹም ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣቲኹም ክትለማመዱ ትኽእሉ ኢኹም።

**www.aec.gov.au/practice**



እቲ ናይ ምድማጽ ልምምድ ከም ድምጺ ዝተዋህበ ኣይቁጸርን እዩ።




ሕጂውን ድምጺ ንምሃብ ከድልየኩም እዩ፥

- ኣብ መድመጺ ነቑጣ

  ወይ ከኣ

- ብፖስታ።

# ተወሳኺ ሓበሬታ ብኸመይ ክትረኽቡ ትኽእሉ?




ብዛዕባ ድምጺ ምሃብ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ካልኦት ክተንብብዎም ትኽእሉ ክልተ መምርሒታት ኣለዉና፡

- *ድምጺ ንምሃብ ብኸመይ ትምዝገብ*
- *ብደብዳብ ብኸመይ ድምጺ ይውሃብ።*




ነዚ መምርሒታት ኣብ መርበብ ሓበሬታና ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**www.aec.gov.au/assistance**





ቋንቋ እንግሊዝኛ ዘይኮነ ቋንቋ ንዝዛረቡ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣሎ።

# ዝርዝር ናይ ቃል




**ሳንዱቕ ምርጫ (ባሎት ቦክስ)**

ምርጫ ሳንዱቕ (ባሎት ቦክስ) ኣድመጽቲ ኣብ ናይ ምርጫ ወረቐት ድምጾም ምስ ኣቐመጡ ዘቕምጥሉ ዝተዓሸገ ሳንዱቕ እዩ።




**ወረቓቕቲ ምርጫ (ባሎት ፐፐርስ)**

ናይ ምርጫ ወረቓቕቲ፡

- ንመን ድምጽኹም ክትህቡ ከምትደልዩ እትመልእዎ ፎርም ዘመልክት እዩ።
- ኣብቲ ወረቓቕቲ ኣስማት ናይቶም ተወዳደርቲ ሕጹያት ተጻሒፉ ኣሎ።



**ዜግነት**

ሓደ ዜጋ ዝበሃል ኣብታ ዝነብረላ ሃገር ናይታ ሃገር መሰለን ነጻነትን ዝተዋህቦ ሰብ እዩ።



**ሰብ መዚ መረጻ**

ኣብ መዓልቲ መረጻ ኣብ መድመጺ ነቑጣታት ዝሰርሑ ሰባት።

ናታቶም ስራሕ፡ ንዓኹም ምሕጋዝ እዩ።




**መዝገብ መረጻ (ኤለክሮራል ሮል)**

ዝርዝር ኣድመጽቲ።




**ምምዝጋብ (ኢንሮል)**

ክትምዝገቡ'ከለኹም፡ ስምኩም ኣብቲ ዝርዝር ናይ ኣድመጽቲ ነእትዎ።



**ፈደራላዊ መረጻ (ፈደራል ኢለክሽን)**

እቲ ናይ ፈደራል መረጻ ንመላእ ሃገር ዝምልከት እዩ።
በዚ ኸምዚ ኢና ናይ ኣውስትራሊያ መንግስቲ ንመርጽ።




**ባይቶ ተወከልቲ**

ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ፡

- ሓደ ካብቶም 2 ናይ ኣውስትራሊያ ፓርላማ ኣካላት መንግስቲ ኮይኑ፡ ኣብዚ ባይቶ እዩ እቲ መንግስቲ ዝቐውም።
- እዚ ባይቶ ፡ ህዝቢ ኣውስትራሊያ ዝመረጾም 151 ሰባት ዝርከቦ ገዛ እዩ።

## ፖለቲካዊ ሰልፊ




ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ሓደ ጉጅለ ሕጹያት ዝሓዘ ኮይኑ፡

- ተመሳሳሊ ኣረኣእያ ዘለዎም እዮም።
- መንግስቲ ንሃገርና ብኸመይ ከመሓድራ ከምዘለዎም ዝሰማምዑ እዮም።

## መድመጺ ነቑጣ




ምርጫ ዝግበረሉ ቦታ (ፖሊንግ ፕሌስ) ከም ቤት ትምህርቲ ወይ ማእከል ማሕበረሰብ ዝበሉ ህንጻታት ኮይኖም፡ ኣብ ግዜ መረጻ ሰባት ከይዶም ዘድምጹሉ ቦታ እዩ።




## ብፖስታ ምድማጽ

ድምጽኹም ብፖስታ ትሰዱልና።

## ናይ ሕጊ ወሰንቲ ቤት ምኽሪ ሰኔት




ሕጊ መወሰኒ ቤት ምክሪ ሰኔት፡

- እዚ ሓደ ካብቶም ክልተ ኣካላት ባይቶ ኣውስትራሊያ ኮይኑ፡ እዚ ላዕለዋይ ባይቶ (ኣፐር ሃውስ) ተባሂሉ ዝፍለጥ እዩ።
- ኣብዚ ባይቶ 76 ሰባት ብኣውስትራሊያዊያን፡ ዝተመርጹ ዘለዉዎ ነዞም ዝስዕቡ ዝውክሉ እዮም፡
    - 6 ክፍለ-ግዝኣታት (ስቴትስ)
    - 2 ፍሉያት ምምሕዳራት (ተሪቶሪ)።



**ድምጺ ምሃብ**

ድምጺ ኣብ ትህብሉ እዋን፡ ኣካል ናይ መንግስቲ ኣውስትራሊያ ክኸውን ዘለዎ ሰብ ትመርጹ ኣለኹም ማለትዩ።



**ኣድመጽቲ**

እቶም ድምጾም ክህቡ ዝኽእሉ ሰባት።

# ርኸቡና

ሃገራዊ መቐባበሊ ኣገልግሎት (National Relay Service )

ተጠቀምቲ TTY ፡

- ተለፎን 13 36 77
- ብ 13 23 26 ሕተቱ

ምዝራብን ምስማዕን ተጠቀምቲ፥

- ተለፎን 1300 555 727
- ብ 13 23 26 ሕተቱ

ናይ ኢንተርኔት መቀባበሊ ተጠቀምቲ፥

- ናብ NRS ተራኸቡ
- ብ 13 23 26 ሕተቱ

ካልእ ቋንቋታት፥

- ተለፎን፡ 1300 720 153

**www.aec.gov.au**

**/AusElectoralCom/**

**@AusElectoralCom**

**@auselectoralcom**

ኢንፎርመሽን ኣክሰስ ግሩፕ ዝበሃል ብቐሊሉ ክንበብ ዝኽእል መምርሒ ብፎቶግራፍን ወካሊ ስእሊን ተጠቒሙ ኣዳልዩ ኣሎ።
ነቲ ስእሊታት ብዘይ ፍቓድ ምጥቃም ኣይከኣልን ይኸውን። ብዛዕባ እቲ ስእሊታት ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ብጽሑ **www.informationaccessgroup.com** ቁጽሪ ስራሕ 3035-B ኢልኩም ጥቐሱ።

ብምክትል ኮሚሽነር ምርጫ ፍቓድ ዝተዋህበ፡ ካንበራ።